## እንተ ነፊዕካ

መዓስን ብከመይን ሃገር ኮይንካ

ካብ መዓስ 'ወ ብመነ መን ተገዚእካ

ብመን ዝነበረካ ስኢንካ፡ ዘይነበረካ ረኺብካ

ኣንጻር መን ብኸመይ ተቓሊስካ

ኣብ'ቲ ዝተናወሐ ቃልሲ ናይ በረኻ

እንታይ ከሲርካ እንታይ ከሲብካ።

ንሕቶ ሓርነትን ደሞክራስን ጎርቢ ዝኾነ

ንፍትሓዊ ሕቶ መንነትን ሓርበኛነትን ብኣሉታ ዝደወነ

ኣንጊሁ መስመሩ ስሒቱ ዝቐይነነ

ብኣነ ወይ ንስኻ ድሑር ስምዒት ዝዓወነ።

ካብ ሓይሊ ሓሳብ ኣርሒቑ

ብፖለቲካዊ ድኽነት ኣሲሩ ኣዕሪቑ

ፍትሓውነትን ደሞክራስያውነት ካብ ኣእምሮኻ ፈሒቑ

ብፍቕሪ ብረትን ኲናትን ዝገበረ ክትንቁ።

እንተነፊዕካ .......

ሃየ ድሕሪት ተመለስ ኣዳቒቕካ ገምግሞ

ናይ ሎሚን ጽባሕን ወለዶ መታን ክጥዕሞ

ፈታዊ ክሕጎስ ጸላኢ ክገርሞ

ካብ ሕሉፍ ተመሃር ነቲ ሓቂ ጉሰሞ።

ኣእምሮኻ ካብ ዝኸውን ግዙእ ብረትን ኲናትን

ተበኪሉ ካብ ዝነብር ብትምክሕትን ጽበትን

ጸላእቲ እናወለደ ህዝቢ ካብ ዝብትን

ነጻ ኣውጽኣዮ ብንቕሓትን ብቕዓትን።

እንተነፌዕካ …..

ውሽጥኻ ፈትሽ ጸገምካ ኣለሊ

ይነጸር ሓደ ዝገብር ዝፈላሊ

ወጊድ በሎ ንበራሪ ወረ ንኮብላሊ

ክትፍወስ ክሕሽካ ሎሚ ካብ ትማሊ

ክቃላዕ ተሃሪሙ ክውገድ እቲ በካሊ።

ምስ ነብስኻ ተባኢስካ ማይ ቤትካ እናነደደ

ጸገምካ መሊሱ እናሰፍሐ እናሰወደ

ኣብ ክንዲ ብልቦና ብስምዒት እናነጎደ

ካብ ዝጸንሐ እናመጽአ ዝገደደ

መን ከማይ እንተበልካ ከም ዝዓበደ

ልሳንካ ስግረ ዶብ ከይዱ እንተ'ኹደደ

ንዓኻ 'ምበር ንመን'ሞ ኣሰንበረ ኣሰንበደ።

ስለዚ እንተነፌዕካ …..

ዕርቂ ግበር ምስ ገዛእ ነብስኻ

ትምክሕትን ጽበትን ክወርድ ካብ ርእስኻ

ልክዕካ ፍለጥ ቅረብ ናብ ህዝብኻ

ሓራ ኹን ካብ ኣነ ፈልጥ እፈልጠልካ።

ፍቕርኻ ኣነጽር ኣብ መንጎ ህዝብን ግኡዝ መሬትን

ኣረኣእያኻ ይፈለጥ ኣብ መንጎ መላኽን ሓርነትን

ወገንነትካ ሓብር ኣብ መንጎ ወጻዕን ውጹዓትን

እንተለካ ኒሕ ደው በል፡ ንፍትሕን ህዝባዊ ደሞክራስን።

ካብ ዛራ ማና።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 11-04-2018